Network of Eritreans for Constitutional Governance (NECG)

መርበብ ኤርትርያውያን ንቅዋማዊ መንግስቲ (ኤንቅመ)

# ምምስራት ኤርትርያዉያን ንቅዋማዊ መንግሰቲ (ኤንቅመ) ኣብ ፓልቶክ



YES WE CAN IN ERITREA TOO!

*"A government of the people, by the people, for the people has not perished from earth" President-elect Barack Obama (4 Nov. 2008)*

መቦቆልን ሰንክን ናይ'ዚ ምልኪ ጉጅለ ህግደፍ ዘውርደልና ዘሎ መዘናን ማእለያን ዘይብሉ ዐመጽ እቲ ብህዝቢ፤ንህዝቢ፤ናይ ህዝቢ፤ዝኾነ ቅዋማዊ መንግስቲ ዝብል ጠለብን ድሌትን ህዝቢ ኤርትርያ ናይ ዝተጠልመ ኢዩ::

ህዝቢ ኤርትርያ ኣንጻር'ዚ ወሪዱዎ ዘሎ ዓመጽ ብግሪ ክቃወም ዘ'ይረኤ ዘሎ ሰኣን ንጠለባቱን ድሌቱን(ቅዋማዊ መንግስቲ) ቀዳምነት ሂቡ ኣብ ሓደ ተጠርኒፉ ብግብሪ ዝጣበቐሉን ዝቃለሰሉን ኣካል ድኣ እምበር ነቲ ዓመጽ ሓንጎፉይ ኢሉ ናይ ዝተቐበሎ ኣይኮነን:: ንዓመጽ ሓንጎፉይ ኢሉ ዝቕበል ህዝቢ የለን::

ኣብ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ኩነታት ህዝቢ ኤርትርያ ኣብ ሞንጎ ክልተ ንፖለቲካዊ ረብሓታቶም(ስልጣን) ዝቃጸጹን ዝቆራቖሱን ዘለዉ ሓይልታት(ጉጅለ ህግደፍ፣ ተቓወምቲ ውድባት) ተቐርቂሩ ይርከብ:: ህዝቢ ኣንጻር እዚ ወሪዱዎ ዘሎ ዓማጺ ምልኪ ከይ'ዓጥቕ ዓይንኻ እንዳራኣየ ኣብ ሓዊ ምእታው ኮይኑዎ:: ምስ ተቃወምቲ ውድባት ከይሰራዕ ካኣ ክኣምኖም ኣይከኣለን ንምንታይ ፖለቲካዊ ረብሓታቶም ንጠለብ ቅዋማዊ መንግስቲ ኣዝዩ ዓብሊሉዎ ናይዘሎን ብኡ መሰረት ካኣ ወላ ኣብ ሓደ እንከለዋ ተፈለልየን ይዋሳኣ ናይዘለዋን ኢዩ።

ሕጂ ኣብ ቅድሜና ዘላ ንህዝቢ ኤርትርያ ካብ'ዚ መቐራቕሮ ከመይ ጌርና ክነውጽኦ ንኽእል ትብል ናይ ግድን መልሲ ዘድልያ ዓባይ ሕቶ ኢያ። እዛ ሕቶ ናባና ክንገብር እንኽእል ኣብ ወጻኢ እንርከብ ኤርትርያዉያን ዝኣመተት'ያ። እዚኣ ኻኣ ሓንቲ ቅንዕቲ መልሲ ኢያ ዘላታ። ንሳ ኻኣ ንጠለብን ድሌትን ህዝቢ ኤርትርያ ንቅዋማዊ መንግስቲ (ዴሞክራሲ) ፍጹም ቀዳምነት ሂብና ምስ ህዝቢ ንህዝቢ ጠጠው ኢልና ብግብሪ ምቅላስ'ዩ። ነዚ ቁዱስ ዕላማ ከዕውተልና ይኽእል'ዩ ኢልና እንሓስቦን እንኣምነሉን ኣገባብ ካኣ ብደረጃ ውልቀ-ሰብ ኣብ ትሕቲ ሓደ ንኹሎም ኤርትርያዉያን ቁቡል ዝኾነ ዝተሓተ ናይ ሓባር ረቛሒን መጸዋዕታን ምጥርናፍ ኢዩ።

ነዚ ንኽነሳልጥ እቲ ዝበለጸ ኣብ በብዘለናዮ ብኣካል ምጥርናፍ'ዩ። ይኹን ድኣምበር ነዚ ንምትግባር ቁሩብ ግዜ ክወስደልና'ዩ። እዚ ወሪዱና ዘሎ ዓማጺ ምልኪ ጉጅለ ህግደፍ ግና ግዜ ዝህብን ዘጸቢን ኣይኮነን ሕጂን ሎምን ክንብድሆ ኣለና።

<u>ከምኡ ናይ ዝኾነ ካልእ ብቑልጡፍ እንጥርነፈሉ መንገዲ ሃሰስ ኢልና ብመንገዲ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዝፈጠረልና ኣብ እንተርነት ዝርከብ ናይ ቡዙሓት መራኸቢ ዝኾነ ፓልቶክ (Paltalk) ብደረጃ ዉልቀ-ሰባት "ኤርትራዉያን ንቅዋማዊ መንግስቲ(ኤንቅመ)" ዝብል መጸዋዕታ ሒዝና ተጠርኒፍና ብግብሪ ንጠለብን ድሌትን ህዝብና(ቅዋማዊ መንግስቲ) ክንቃለስን ንምልኪ ጉጅለ ህግደፍ ድማ ብዘይ ኣናሕስያ ክንብድሆን ክንተሓሓዞን ተበጊስና ኣለና። ኤንቅመ ምስ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ውድብ ዊን ድማ ፓርቲ ዝምድና ዘይብሉ ንህዝቢ ብህዝቢ ናይ ህዝቢ ዝኾነ ምንቅስቓስ ኢዩ። ኩሎም ኤርትራዉያን ንኽጽንበሩና ካኣ ንላቦን ንዕድምን።</u>

መጸዋዕታ ናይ ኣብ ፓልቶክ ዝርካብ ገዛና-- Eritrea Dembe Demokrasi Tsere Milki Action Forum
እንእከበለን መዓልቲታት-- ሮቡዕን ዓርቢን ሰንበትን ከኾና እንከለዋ ኣድላይ ኮይኑ ምስዝርከብን ኩነታት ምስ'ዝጠልቦን ድማ ቀጻም እውን ንራኸብ ኢና።
እዋን-- ሰዓት 19:00 ብግዜ ማእከላይ ኣውሮጳ

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ኣጠራንፋ ብኣካል የኹን ኣብ ፓልቶክ

- ነቲ ዘፈላልየና ንብሎ ብጡርኑፍ ዝኾነ መንገዲን ስነ-ስርዓት ዝሓዘ ኣገባብን እንመያየጠሉን እንፈትሓሉን ባይቶ ይፈጥረልና፡
- ነንሕድሕድና የቀራርበና
- ዝኾነ ይኹን ንህዝብናን ሃገርናን ዘገድስ ዛዕባ ብጉቡእ ተመያይጥና ናይ ሓባር መርገጺን ዘድሊ ስጉምቲን ክንወስድ የኽእለና፡
- ብሓደ መልሓስን ብሓደ መጸዋዕታን ከም ሓደ ጡርኑፍ ኣካልን ክንዛረብ የፍቅደልና ወ ዝተረፈ...።

## ናይ ሓባር ረቛሒ

እቲ ንኹላትና ኤርትራውያን ከራኽበናን ከቀራርበናን ይኽእል'ዩ እንብሎ ናይ ሓባር ረቛሒ ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር ኢዩ። ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር ሕጋዊ መመሕዳር ሃገር ማለት'ዩ። ሕጋዊ መመሕዳር ሃገር ድማ ቅዋማዊ መንግሰቲ ይህበና።

ዝኾነ ፍልልይ ይሃልወና ንሕጋዊ መመሕዳር ሃገር ዝቃወም ኤርትራዊ ይርከብ ኢለና ኣይንሓስብን ኣይንኣምንን። ንሱ ኻኣ ኢዩ ንቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር ናይ ሓባር ረቛሒን ንኹሎም ኤርትራውያን ብደረጃ ዉለቀ-ሰብ ከጠርንፍ ዝኽእል መሰረታዊ ጭርሖን ዝገብሮ።

ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር ንሕና ዝማሃዝናዮ፣ ገነታዊ ትምኒተ፣ ዊን ድማ ወግሐ ጸብሐ እንሓለሞ ዘይኮነስ ኣወንታዉን ቁኑዕን ወግዓዊን ዘየካትዕን ጠለብ ናይ ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ዝኾነ ኢዩ።

ኣብ'ዚ መረዳእታ'ዚ ተሞርኪስና ብመሰረት ናይ'ዚ ሓደ ናይ ሓባር ረቕዋሒን ኣብ ትሕቲ ሓደ ናይ ሓባር መጸዋዕታን ነዚ ዝስዕብ ንኹልና ከም ሓደ ኣካል ክጥርንፍ ዝኽእል ኣገባብ ኣወዳድባ ነዉርድ፡-

## መጸዋዕታ፡ ኤርትርያዉያን ንቅዋማዊ መንግስቲ (ኤንቅመ)

ባህሪኡ፡ ዓለም-ለኻዊ ጡርኑፍ ዉልቀ-ሰባዊ ምንቅስቓሰ ኤርትራዉያን ንቅዋማዊ

ምንግስቲ (Grassroots movement). ብዚ መሰረት ኤንቅመ

- ፖለቲካዊ ዉድብ ኣይኮነን
- ፖለቲካዊ ፕሮግራም፣ ቅዋም፣ ወይ ትምኒት የብሉን
- ጭዉ ዝበለ ሰላማዊ ምንቅሰቓስ ኢዩ
- እንኮ ዕላማ ኤንቅመ፡- ጽዑቕ ዘመተ እንዳካየድካ ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገርና ኤርትራ ኣጥቢቕካ ምጥላብን ርኡይን ኣሉታዊን ሳዕቤናት ሳኣን ቅዋማዊ ምምሕዳር ብዘይ ኣናሕሲያ ምቅላዕ።

ኣመሰራርታ፡ ኤርትራዉያን ኣብ በብዘለዉዎ በዚ ተዋሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ኤንቅመ ዝብል መጸዋዕታ ሒዞም ብደረጃ ዉልቀ-ሰብ ይጥርነፉን ይዉደቡን።

ኣመሓዳድራ፡ ኤንቅመ ናይ ሓባር ወይ ድማ ላዕላዋይ ኣካያዲት ኣካል የብሉን። ነብሲ ወከፍ ወህዮ ኤንቅመ ኣብዘላቶ ኮይና በቲ ንዓኣ ዝጥዕማ ኣገባብን መስርሕን ሥራሓታ ተሳልጥን ትካየድን

(Decentralized mode of operation)

<u>ኣኼባታት:</u> ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ዝርከብ ገዛ (Paltak room) በቐሊል ተራኺብና ኩሉ ዘድሊየና ክንገብር ንኽእል:: ካብኡ ሓለፍና'ዉን ብኣካል እንራኸበሉ መንገዲን ኣገባብን ኣብ'ዚ ገዛ ክንዉስኖ ንኽእል::

<u>መርበብ ኢንተርኔት:</u> ኤንቅመ ምስ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ዓለምን ክነላሊን; ህላዌ ኤንቅም ነኽፍለጥን; መስፈሪ ሓበሬታ ኤንቅም ክኸዉንን ወ ዝ ተ; ኤንቅም ናይ ገዛእ ርእሱ መርበብ ኢንተርኔተ ክህልዎ ናይ ግድን ኢዩ::

<u>መለለዪ ምልክት:</u> ንላዕሊ ገጻ ትሕብር ዓባይ ኣጻብዕቲ ኢድ

ኤንቅመ ኣወንታዊን ንኹሎም ኤርትራዉያን (ፖለቲካዊ ርእይቶኦምን መርገጺን ብዘየገድስ) ክፉት ዝኾነን ኣብ ትሕቲ ዝተሓተ ሓደ ናይ ሓባር ረቛዋሒ ክጥርንፍ ዝኽእልን ጡርኑፍ ዉልቀ-ሰባዊ ምንቅስቓስ'ዩ:: ኤንቅም ነቲ ነቡር ዝጠልብ ኣወንታዊ ምንቅስቓስ ድኣምበር ኣብ ኣንጻርነትን ተጻራርነትን ዘድሃበ ተበግሶ ኣይኮነን:: እቲ ንቡረ ካኣ ቅዋማዊ ምምሕዳር ሃገር'ዩ:: ነዚ ዝቃወም ሰብ ክሳብ ዘየለ እንቃወሞ ሰብ የለን::

ብርሃነ መ ተኽስተ

ኤርትራዉያን ንቅዋማዊ መንግስቲ ኣብ ፓልቶክ (ኤንቅመ)

Eritrea Dembe Demokrasi Tsere Milki Action Forum

19 November 2008

USA